***ትስዕብ ግጥመይ ከምዚ ትብል,ዋላ ውን ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ኡሱር እንተ ኮነ, ንመዓልቲ ኡሱራት ዘኪረ ከምዚ ክብል, ኣይሰካሕናን ዲና፡ ምስ ጀነራላቱ ጉጅለ ኢሰያስ እንታይ ክደግሙና ሕጂ ኸ,,***



***ኣብ 18 መስከረም ብደገን ብውሽጥን, ብህዝቢ ሕጂ ኸ እንታይ ይበሃል ኣሎ, ኢሰያስ ምስ ጉጅሉኡ ንሐዲሽ ስልቲ ይድሎ, ንሕና ኻኣ ንሐይልና ክንዲ ንሕይሎ ንመቻቕሎ, ጠፊኡና ሎ ንመን ዓገብ ከምንብሎ,,***



*ክሰርቀኒ ዝረኣኽዎ ክመልሰለይ ነይኣምኖ, በዚኣቶም ተጨውዩ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ገድሊ, ሕቶ ህዝቢ ከትግብር ሕቶ ጉጅለ 15 ጅግና ወዲ ዓሊ, ተጠሊሙ ዶ ኽንብሎ ተዓንቂፉ ትማሊ,*

*ምሱኡ ዝተጣላቐዩ ንሱ ኣይግዲ*
*ወትሩ ምእዙዛት ንጉለ 15 ዝኸሐዱ*
*ዕድመ እንተ ሂብዎም ምሱኡ ይፍረዱ*
*እቶም ነዚኦም ትኣምኑ ንስኹም ትገዱ,*

***ሕቶ, ንካድራትን ኣዘዝቲን ናይ ደገን ውሽጥን ዋርሳይ ይካኣሎ, እንተ ሎ እንታይ ይጽበ ሎ, እቶም ብውሽጢ ኣለዉና ትብልዎም ከ ኣለዉ ዶ, ህዝቢ እንዳ ጸነተ ኣይንድሩን ዶ,ካብ 201,ን16 ዓመት ምዕይ ዘይብሉ ናይ ደሐን ዶ, ጅግና ወዲ ዓሊ***

***ዝሐተቶ ኣሕትኦምን ዶ, ክሳብ ማዓስ ክንጣማመት ብማዕዶ, ክንሕግዘኩም ተበገሱ እዶ„***

***ተሳትፎ ኲሉ ዘይብሉ ሕደጉ ተባሂሎም***
***ብዘይ ፍቓድ ህዝቢ ዝተነድፉ ቅዋም***
***ንጥፍኣት ህዝቢ መንሸሮ ኮይኑ ሕማም***
***ንኢሰያስ ዝኣመኑ ኣብ ትሕቲ ሜሬት ብልዮም„***

***ኣብ*** *ልበይ ዝኣጎለ, ከም ዓባይ ሰዓለ, ይጨንጓዕ ካብ ቅድመይ ይተኣለ, ወዲ ዓሻ ክልተ ግዜ ይውቃዕ, ንሐቂ ሐቂ ንጌጋ ጌጋ ክንል ንብቃዕ, እዚ ኣባሃህላ ብተደጋጋሚ ብዓውታ ሰምዕናዮ, ንኢሰያስ ምስ ጃንዱኡ ክንኣልዮ, ውዲት ምስ ጭፍራ ዘለዎ ብኣጋ ነለልዮ፡*

*ኲሉ ንለውጢ ዝቅዝለስ እንዳ መሰለ*
*ገርሂ ልቡ ሐቂ መሲልዎ መርሐባ ምስ በለ*
*ብክልተ ገጻት ቃልሲ ስለ ዝተሐንኮለ*
*ሐንቲ ክይሰራሕና ዓመታት ኮይኑ እኖሆለ„*

*ትርጉም የብሉን ተባህለ ወረ, ትምክሕቲ ገድፍና ንዕጠቆ ስረ, ብወረ መን ኣሎ ዝተሳዕረ, ኣብ ፓልቶክ ፌስቡክ መን ኣሎ ዘይገዓረ, ካብ ተባህለ እንተ ንሳጋገር ክንደይ ኮን ምመቀረ, ደቂ ኤረ ድያብሎስ ስራሕ ጀሚሮም ኢሎ ምባህረረ፡*

*ህዝቢ ኤርትራ ኲሉ ኡሱር*
*ንጭፍራ ህግደፍ ክንስዕር*
*ሐቢርና ግዳ ዘይንወፍር„*

*ወዲሰ ኣይፈልጥን ሕጂ ውን, ድልው ኣኮንኩን ክውድስ, ይቃለስ ኣለኹ ስልጣን ናብ ህዝቢ ክምለስ, ናይ ፖለቲካ ኡሱራት ተፈቲሐ ክፍትሑ ንቤታ ንቤቱ ክምለስ, ኣብ ሃገርና ግዝኣተ ሕጊ ክነግስ,* *ኢሰያስን ጉጅለኡን ክኣትዉ ናብ ማሕቡስ፡፡*

*ስብሐት የማናይ ኢዱ ንኢሰያስ, ብጉዳይ ባድመ ንካልኣይ ግዜ ብህልቀት መንእሰያትን ህዝቢ ኤርትራን ዝሕተት, ምስ ንጉጅለ,15ፈረሙ ተገምጢሉ ክድዓት ዝፈጸመ, ኣብ ልዕሊ ወዲ ዓሊ ዝደገመ, ስብሐት እሙን ዓርኪ ኢስያስ,* *ካብ ሳሕል ኣትሒዞ ንበላሕቲ ኣእምሮ ዝሃደነ, ንደቀባት ንምጥፋእ ምስ ኢሰያስ ዝወገነ, ካብ ኢሰያስ ፈልዮ, ኣይርእዮን ኣነ፡*

*ካብ ኣነ ኣነ ወጺና ነቶም ብተደጋጋሚ ዝጠለሙና ብደም ዝጠልቀዩ ከይተጻበና፡ ካብ ንጭፍራ ህግደፍ ዘዛርብን ዘርዕድን ከይሰራሕና ከምዚ ገርና, ሰላምን ቅሳነትን ክሰፍኖ ዓደቦና ብስኒት እንተሰራሕና ኢና መድሕን ንኾኖ ንህዝብና፡ ንመዓልቲ ኡሱራት ን18 መስከረም ብኸምዚ ክዛዝሞ።*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ,ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ብ,በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን፡* *ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ኮራኹሮምን፡*

*ክቡራት ደለይቲ ፍትሒ ደለይቲ ሰናይ ደቂ ኤረይ ኣጆኹም ኣጆና, ኣሪካን ሐሚምካን ጥራሕ ኣይኮነን ዝምወት, እቶም ዝኣረግይስ ደሐ ከይፍረዩ ይሐልፉ ኣለዉ, ካብ ዝጸናሕናዮ ዶ ዃዊሑና, ኣምላኽ ረቢ ዕድመን ጥዕናን ያሃበና, ነቶም ገና ዕንቃፋት ኮይኖምና ዘለዉ ኣለሊና ብኣጋ ንመክቶም,,*

*ሐባኢ ቁስሉ ሐባኢ ፈውሱ, መነመን እዮም ኣባላት ኤ,ል,ፒ ይቀልዑ, ክሳብ ማዓስ ኢሰያስ ብውሽጢ ንሳቶም ብደገ ንህዝቢ ኤርትራ ደም ክንብዑ, ቃልስና ክጸፍፍ, እቶም ትፈልጥዎም ኣስማቶም ኣቃልዑ,,*

*ጃንዳ ህግደፍ ደቂ ህዝቢ እንዳ ገፈፉ,ንሳቶም ንደቆም ክምህሩ ንደገ ይሕልፉ, ተማሂሮም ምስ ውድኡ, ሐንጎሎም ብሐላፍነት ዘይስምፃም ተሐጺቡ, ሹዑኡ ቃል ዲክታቶር ይዛረቡ, ኣብ ሜድያታት ጭርሖ ኣቦታቶም ይደግሙ,,*

*ንሕና ድማ ክንዲ ብጉድለታት ንዛረብ, ሽግርና ክንፈትሖ ክንዲ ንቃራረብ, ገ,እንዳ በሉካ ዶ ትጋገ, ዓወት ጉጅለ ኢሰያስ ኩሉ ብውዲት, ብገንዘብ ህዝቢ ኣዋፈሩ ኣራዊት,, ገለን ላምባ ገለን ክርቢት, ገረብ ብሐኸላ ከሊኡና ስኒት,*

*ምሱኡ ዝተጣላቐዩ ንሱ ኣይግዲ*
*ወትሩ ምእዙዛት ንጉለ 15 ዝኸሐዱ*
*ዕድመ እንተ ሂብዎም ምሱኡ ይፍረዱ*
*እቶም ነዚኦም ትኣምኑ ንስኹም ትገዱ,*